# ምዓት ብጽንዓት።

ልምዓት ብጽንዓት እምንቶ መትከልና፣
መሬት ከነለስልስ ነፍስስ ረሃጽና፣
መታን ብሕርሻ ክንክእል ነብስና።

ንፍንቅል ከውሒ በፍራዛ ባደላ፣
ሓጽብታት ይስርሓ ማይ ከዋህልላ፣
ኣዮኖት ኣዒንቲ እየን ነዚ ኣሉ ክብላ።

ኣብ ምድረ በዳ ፈልፈሉ ማይ
እንሆ በናና ይጥምት ንሰማይ፣
ሳላ እቲ ዉፉይ ተባዕ ተጋዳላይ።


ልምዓት ይስጉም እናተቐባበለ፣
ካብ ትማል ሎሚ ዝሓየለ፣
ይቕጽል ተሞኩሮ እናኣዋህለለ።




ብሃገራዊ ዓቕሚ ዝተሰርሔ ጽርግያ፣
ክኸውን ንዓለም ዓቢ ኣራያ፣
ፍልፍል ሶሎሙና እናሃለ ንርእያ።

ኣየ ውሕልነት ኣየ ቅዲ ፣
ጎቦታት ተርቲርካ ተራኺብ ዓዲ
ጉዕዞ ሰዓት ኮይኑ ካርነሽም መዓልዲ።

ጎቦታት ሰመናዊ ቀይሕ ባሕሪ፣
ምቹእ ቦታ ቱሪስት መናሃሪ፣
ልሙዕ መሬት ህያብ ካብ ፈጣሪ።

ስእነት ማይ ህጣሙ ጠፊኡ፣
ዲጋታት መሊኡ በየ ቦታኡ፣
ሕርሻ ይለምዑ ኣብ ትሕቲ ኡ።

ውሕስነት መግቢ ክረጋገጽ ብቶሎ፣

ተሳትፎና መታን ብጉቡእ ክንቅጽሎ፣

ሓያል ውዳበ ካብ ኩሉና ይድለ ኣሎ።





ዜጋ ክሕሎ ብጉቡእ ጥዕንኡ፣

ኣብ ኩሉ ቦታ መደበር  ሕክምና ተሰሪሑ፣

ጥቕሚ ነጻነት እኖሆ ይርኤ ጎሊሁ።

ዓበይቲ ሆስፒታላት ዘመናዊ ህንጻ፣

ስርሔን ይቕጽል ሂወት ሰብ ክሃንጻ፣

ኣብ መላእ ሃገር  ተደኩነን ስራሔን ከረጋግጻ።





ሃብትና ዓቕሚ ሰብና ዝብል መንግስቲ፣

ኣብ ኩሉ ስፍራ ሃኒጹ ኣብያተ ትምህርቲ፣

ዜጋ ፍልጠት ይቐስም ለይቲ ምስ መዓልቲ።

ዕድመ ዝደፍኡ ኣደታት ኣቦታት፣

ጥራዝ ይሓዙ ርሳስ ብርዕታት፣

ክጽሕፉ ከንብቡ ክፈልጡ ፊደላት።

ሎሚ ሃገርና ኤርትራ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ምዕባለ መስተን ንቡዙሕ ዓመታት ነጻነተን ዝረኸባ ሃገራት ኤሮፓን ኣመሪካን (ምዕራባውያን ብሓፈሽኡ) ከነወዳድራ ኣይንኽእልን ኢና። እዘን ቅድሚ 200 ዓመታት ካብኡ ንላዕን ኣብ ከባቢኡን ነጻነተን ዝረኸባ ኣብቲ ናይ መጀመርያ 20 ካሳብ 60 ዓመታት ደረጃ ምዕባልኤን ከመይ ነይሩ? ዝብል ሕቶ ንታሪኽ ንግደፎ። ሃገራት ኣፍሪቃ እንተተመልኪትና'ውን ቀዲመን ይኹን ዲሒረን ነጻ ዝወጻ እንተተመልከትና ጌና ኣብ ፍልመ ደሲነት ዝመሳሰል ናብራ ዝነብሩ ህዝቢ ከምዘለወን ንዕዘብ። ሕጂውን ጠንቁ ንታሪኽ ንገድፎ። ንሕና ከም ሃገር ካብ ዝቖምናሉ ግዜ ብጀካ እተን ናይ መጀመርታ ውሑዳት ዓመታት፤ ሓያል ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ተጻብኦታት ከጋጥማ ጸኒሑን እሎን።

ይኹንእምበር በዚ መሰናኽላት'ዚ ከይተዓንቀፍና፣ ልምዓታዊ መደብና ይጽናሓለይ ከይበልና፤ ሎሚ ኣመዝጊብናዮ ዘሎና ዓወት ፈታዊ ይኹን ጸላኢ ዘይክሕዶ ኣብ ዝሓሸ ደርተጃ ንርከብ። ኤርትራ ቅድሚ 1991 ከመይ ነይራ? ሕጂ'ሽ ከመይ ኣላ? ዝብል ሕቶ ምሕታት ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ሕቶ'ዚ ክምለስ ምስ ዝከኣል ከኣዩ እቲ ሓቀኛ መልሲ ክርከብ ዝከኣል። ቅድም'ዛ ናይ ነጻነት ዓመት (1991) ብጀካ እቶም ብዕድመ ዘየርከቡሉ ደቕና ገዲፍካ ኩልና ብሰንኪ መግዛእቲ ዘሕለፍናዮ ናብራን፣ ብዝተፈላለየ ጸገማት፣ ሰላም ብዘይምርካብን ብዘስዕቦ ዝነበረ ሽግር ህዝብና ኣደዳ ድኽነትን ሞትን ኮይኑ ብዘይ ዕድሚኡ ከም ቖጽሊ ዝረገፈ ብዓይንና ዝረኣኤናዮ ህያው ተዘኪሮ እዩ። ሎሚ ነቲ ዝነበረ "ሕማቕ ጊዜ ከም ጽቡቕ ገሮም ዝገልጹ"፣ ነዚ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ከኣ " ከም ሕማቕ ቖጺሮም ደርጊ ምሓሸና " ዝብሉ ክትሰምዕ ከሎኻ " እንቛዕ እዛ ሃገር ንሱኹም ጥራሕ ኣይኮንኩም ሰባ" ትብል"። በንጻሩ እቶም ኣብ ጊዜ ገድሊ ዝነበሩ ህጻናት ከምኡውን ድሕሪ ነጻነት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ደገን ዝተወልዱ፤ ምስቲ ሃገር ወይ ሞት ኢሉ ንእስነቱ መኒኑ

ሃገር ኣብ ምክልኻልን ምህናጽን ለይትን መዓልትን ተጸሚዱ ዝቃለስ ዘሎ መንግስት፤ ህዝብን ፤ሓይልታት ምክልኻልን፤ ብሓሳብን ብተግባርን ጎኒ ንጎኒ ኮይኖም ሃገር ክማኅቱላን ክሕለቑላን፤ ንስሪሒት ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ክሙጉሱን ኣሎና ኣብ ጎንኹም ክብሉ ክትርኢ ከሎኻ፤ ብኻልእ መዳይ ከኣ ንኹሉ ሸርሕታትን ምዕራባዊ ተንኮላትን ብጽሑፍን ሰልፍታታትን ጉቡእ መልሲ ክህቡ ክትርኢ ከሎኻ፤ ግስጋሰ ሃገር ብዓቢ ዝላ ንቕድሚት ይውንጨፍ ከምዘሎ ትዕዘብ። "ስውኣትና ቅሰኑ ተቐበልቲ ሕድሪ ለቦዋኹም ተቐቢሎም ዕማምኩም ይቕጽሉዎ ኣለዉ ኣብ ዝብል መደምደምታ ትበጽሕ"። ነቲ ጸላእትናን ሳሰይቶም ክኸሕድዎ ዘይክእሉ ሓቂ፤ ብሓደ ክልተ ዱሑራትን ዝንቡዓትን ደቂ ሃገር ፤ ንርእሶም ተጋግዮም ንንጹሃት መንእሰያት ዘጋግዩ ዘለዉ ክውሓጠሎም ዘይከኣለ ጉዙፍ ዳግመ ህንጻታዊ መደባት ዝተሰላሰለን ኣብ ምስልሳል ዝርከብ ዘሎን እንተኸሓዱ፤ እቲ ኣብ ምህናጽ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ዝህቦ መልሲ ተግባር ጥራሕ ስለ ዝኾነ፤ ሓሳባቶም ከም ትኪ ነፊሱ፤ ከም ግመ ሃፊፉ ካብ ምትራፍ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን።

ሕጂውን ከም ቀደምና ሓደ ልቢ፤ ብሓደ ሓሳብ ፤ንሓደ ዓላም

ንኺድ ንቕድሚት፧

ንልምዓት ብጽንዓት።

ብድሆ ንህንጸት ሃገር።

ቕልጽምና ይትረር።

ሓሳብና ይስፋሕ።

ንቕሓትና ይበርኽ።

ውዳበና ይጽናዕ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ርሑስ ቅንያት በዓል ነጻነት።

ዓወት ንሓፋሽ።